# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማ.ል.ኢ.)
# Irob Development Association (IDA)

**ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማ.ል.ኢ.)**
**ካብ ሓምለ1/2011ዓ/ም-መጋቢት/2012 ዓ/ም ትልሚ**
**ፍፃመ**

## Irob Development Association (IDA)
## 2019/20 Progress Report

**ማ.ል.ኢ/ሚያዚያ 2012 ዓ.ም**
**ዓዲግራት**

## 1.ቀንዲ መደባት 2012 ዓ/ም ማ.ል.ኢ.

ከም መበገሲ ናይ 2012 ዓ/ም ናይ ስራሕ መደብ ማሕበርና ከም መደብ ዝሓዞም እዞም ዝስዕቡ መደባት እዮሙ።

1. ን ISTVET-APPIC ሐገዛት ምትእኽኻብን ስራሕ ክጅምር ምድጋፍ
2. ካብ ኣባላት ዓመታዊን ወርሓዊ መዋጮ ምእካብ
3. ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምዕባይ
4. ኣብ ዘይሕጋዊ ስደትን ዝውውርን ግንዛበ ንሕብረተሰብ ምብፃሕ
5. ኣብ ትምህርቲ ኩለመያዊ ድጋፍ ምግባር (ተምሃሮን መማህራንን ምሽላም)
6. ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእኸል በታ ክህሉ ምግባር
7. ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ሙዝየም ምድጋፍ
8. ጨንፈር ተምሃሮ ማ.ል.ኢ. ዝገብርዎ እንቅስቃሴታት ምድጋፍ
9. ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ
10. ዋዕላ ምፍላጥ ኢሮበታይን ፈተዉቶምን ሐረግ ዝምድናታቶምን ምስጎረባቢቲ ወረዳታት
11. ምንእሰያት ኣብ እስፓርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቃሳታት ምድጋፍ
12. ናይ ማ.ል.ኢ. ማሓ ዘርእስታ ዓመታዊ መፂሄት ተዛጋጅያ ንንባብን ማህደርን ምስናድ

## 2.ን STVET-APPIC ሐገዛት ምትእክካብ

ን ISTVET-APPIC ክሳብ ዝጣናቀቅ ማ.ል.ኢ. ቀፃሊ ድጋፍ ኣብ ሞያዊ ይኩን ገንዘብ ኣብ ምትእክካብ ብ ንጥፈት ክሰርሕ ን 2012ዓ/ም እዉን ግዱኡ ከወፈ ፈተዉቱን ኣባላቱን ከላዓዕል መደብ ሒዙ ይርከም። በዚ መሰረት እዚ ትካል ናብ ስራሕ ንምእታዉ ብር 1,500,000.00 ከታኣኻክብን ክድግፍን ፕላን ሒዙ ኣሎ።

ብ ትልሚ መሰረት ማ.ል.ኢ. ናይ ወፈያ ምልዓላት ንክግበር ፃዊዒት ገይሩ ዝተፈላለዩ ኣካላት ቃልብምእታትዉ እቲ ሐገዛት ኢታዊ ክግበሩ ትፅቢት ይግበር። ኣብ ዓዲ ዉእጢ በተለይ ኣብ ወረዳ ዝርከብ ሕብረተሰብ ዝካኣሎ ንክገብር ዓብይ ዋዕላ ተገይሩ ካብ ኩለን ጣቢያታት እተሰታፈሉ ምርድዳእ ተበፂሑ እዩ። ብተመሳሳሊ ካብ መዳርግቲ ኣካላት ማለት ካብ ትእምት ትካላት ሐገዝ ንምርካብ እናተሰርሐሉ ይርከብ ብፍላይ ድማ ናይ ማሽነሪ ሐገዝ ንክገብሩልና ትፅቢት ይግበር።

ማ.ል.ኢ. ን ወረዳ ምምሕዳርን ቲቬቲ ቤሮ ክልል ትግራይን ብዝተስማዕመዓሊ መሰረት ቲቬቲ ቤሮ ክልል ትግራይ ናዉቲ ምምላእን ሓይልሰብ ሙቅፃርን ስራሕቲ ይስራሕ ኣሎ።

በዚ መሰረት ኣይተ ተስፈይ ደበሳይ (ዲን ኮለጅ)

ኣይተ ወልዱ ፍሱሕ (ሐይሊሰብ ምሕደራ)

ኣይተ በየነ ዘገየ (ፍናስ)

ኣይተ ጋይም ወልደማሪያም (ልምዓታዊ ትልሚ

2ተ ኣካዉንታት 2ተ ዕደጋ 9ተ ዋርድያ ተቆፂሮም ኣብ ስራሕ ይርከቡ

ብ ተመሳሳሊ ንምስትምሃር ፍቃድ ተረኪቡ ኣብ ቢስነስ ኣይሲቲ ሰርቨይ ኮንስትራክሽን ኦቶሞቲቭን ክጅምር ኣብ ዝግጅት ይርከብ

ህንፀት ስራሕቲ ዝምልከት

መምሃሪ ክፍልታት G+0 5 ክላስ ተወዲኡ 3ተ ኣብ ዉዳእ ይርከቡ G+1 9ተ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ኣብ ምዝዛም ይርከብ ካፍተሪያ ብተመሳሳሊ ። ዓብይ ጠቕላላ ምርክሾብ ክዳን ተከዲኑ ኣብ ምዉዳእ ይርከብ ከምኡ እዉን ናይ ጊዚያዊ መብራህቲ ተዘርጊሑሉ 16 ክፍልታት ዘለዋ ሽንቲበት ተሃኒፁ ይርከብ።



ዑደት ኣፈጉባኢ ማ.ል.ኢ. ኣባላት ወረዳ ምምሕዳር ካቶሊክ ቤት ፅሕፈት ሓለፍቲ ተወከልቲ ቲቬቲ ቤሮ ክልል ሓለፍቲ

















### 3.ካብ ኣባላት ወር'ዊ መዋጦ ምእካብ

ብመምረሒ ደንቢ ማሕበርና ከምዚተሓበረ ኩሉ ኣባል ማሕበርና ዓመታዊ መዋጮ ከፈሊት ኣብ መጀመርታ ዓመት ክኸፍል ኣለዎ እዚ ክፍሊት ከሳብ ታሕሳስ 30/2012/ ዓ/ም

እዚ ስራሕ በቢ ግዝኡ ዝግበር እዩ፡፡

### 4.ኣባለትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምዕባይ

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተረኸቡ ዓበይቲ ተሞክሮታት መሰረት ብምግባር ኣብዚ ዓመትውን ናይ ኣባላት ናይ ምብዛሕ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ኽቕጽል ኸግበር እዩ። እዚ ናይ ኣባልነት ጉዳይ ብስድራ ደረጃውን እንከይ ተረፈ ተግበራዊ ዝኸውን እዩ። ናይዚ ቱርጉም ካብ ዝርከብ ገንዘብ ንላዕሊ ናይ ናተይነትውን ኣብ ነፍስወከፍ ኢሮበታይ ዘሕድር ሙኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን። ጠቅላላ ኣባላት ካብ 1500 ናብ 3000 ንምብፃሕ ክስራሕ ኣለዋ።

ኣብዙይ ቡዙሐት ዝተጀመሩ ስራሕቲ እናቀፀሉ ይርከቡ

- ኣብ ዓድግራት
- ወረዳ ኢሮብ
- ምስ ፈተዉቲን ጎረባቢቲ ወረዳታት (ጉለምካዳ ዓፍርን ሳዕሲዕን)









ኣኬባ ቦርድን ኣብ መቀለ ኬምኡ እዉን ኣኬባ ዋና ኮሚቴን ንኡስ ኮሚቴን ከተማ ዓዲግራት(ኣባላት ኣብ ምፍራይ ዘተ)




ጨንፈር ሱዑዲ ተወሳኺ ኣባላትን ተወሳኺ ጨንፈር ኣብ ምክፋት ዝነበረ መድረክ



ኣብ ወረዳ ኢሮብ ዝነበረ ዓብይ መድረክ ኣባላት ምፍራይን ካብ ኩለን ጣቢያታት ዝተሳተፍሉ

**ትሕዝቶ ኢቲ መድረክ እዚ ይምስል ነይሩ**

- ዕለት03/07/2012 ኣብ ደውሃን ንማሕበር ልምዓት ኢሮብ እቶት ምስብሳብ ብፍላይ እውን ኣብ ካላዓሳ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ, ብሕዝብን መንግስትን, ገበርቲ ሰናይ ድርጅታትን,ብምትሕሕብባር ዝሥራሕ ንዘሎ ፍሉይ ንዝኾነመርሃሙያ ኮለጅ መስረሒ ሓገዝ ዝኸውን እቶት ምስብሳብ ኣኸባ ተገይሩ ።ኣብዚ ዋዕላ ልዕሊ 80 ሰብ ካብ8ተ ጣቢ ያ ዝተኣከበ እንትኸውን ብኣይተ ኣበበ ወ.ጊዮርዲስ
- ናይ 2011 ዓ.ም ዓመታዊ ትልምን ፍፃመን ሪፖርት፤ምስ ዝነበረ ኣዎንታውን ኣታውን ምንቅስቃሳት ንተሳተፍቲ ኣኸባ ብዝርዝር ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ደውሃ ብ ኣይተ ኣበበ ወ.ጊዮርግስን ብኽቡር ኣይተ ንጉሰሓጎስ ወረዳ ኢሮ ብ ኣመሓዳሪንከማኡውን ብቦርድ ኣባላት ተወሳኺ ሓሳባት ቀሪቦም፤
- ኣብ ዝቀረበ ሪፖርት ብዝሕ ዝበሉ ሕቶታት ቀሪቦም ,መጀመርያ ካብ ተሳተፍቲ ካልኣይ ካብ መድረኽመልሲ ተዋሂቡዎም ንቀፃሊ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ተሳታፋይነት ሃሊዩዎ ብኸመይ ብኸመይ ገንዘብ ክሰባሰብ ከምዘለዎ ብወረዳምምሕዳር ኢሮብን , ጨንፈር ማሕበር ኢሮብ ኣቦ ወነበርን ኣቅጣጫ ብምቅማጥ፤
- ኣብ ነፍሰወከፍ ሰክተር ፎካል ፐርሰን( fokal person ) ተሰሙ ተቀሚጡ ብኣኡ ሓላፍነት ክፍሊት ክፍፀም ኣብ ኩለን ጣብያ,ጣቢያመራሕቲ በቲዝተቀመጠናይክፍሊት መመረሒመሰረት ክፍሊትንከኽፍልሓለፍነትክወስድ ተገይሩ።
- ማንም ክፍሊት ደረሰኝ ክህልዎ ከምዘለዎ፤
- እቶት ምትእኽካብ ካብ ጣቢያ ክሻብ ወረዳ ዝሥራሕ ኾይኑ, ኣብቲ ወረዳ ብማሕበር ይኹን ብወረዳ ሓላፍነት ዝሥራሕ ዘሎ ኮለጅ, ኣብ ዝተውሃቦ ጊዜ ገደብ ንክውዳእ ሕዝብን, ማሕበር ልምዓት , ኢሮብን ,ወረዳን ,ብፍላ, ብፍላይ, ናይ ሕዝቢ ዝለዓለ ተሳትፎ ከምድሊ,ድሕሪ ምሕባር እቲ ኣኸባ ተክዛዚሙ፤ኣብቲ ኣኸባ

ናይ ድምፂ ወያኔ መድያ ኣባላት እውን ተረኺቦምኻ ካብ ተሳተፍቲ ብዛዕባ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ን ሕዝብን ብኸመኻ ካብ ተሳተፍቲ ብዛዕባማሕበር ልምዓት ኢሮብ ን ሕዝብን ብኸመ ይ ተኣሳሲሮን ተረዳዲኦምን ልምዓት ዕራሓውቲ የካይዱ ከምዘለዉሪኢቶ ተሳተፍቲዘገቦም ።

## 5.ኣብ ዘይሕጋዊ ስደትን ዝውውርን ግንዛበ ንሕብረተስብ ምብፃሕ

ኣብ ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብዕ ኣብ ስተራቴጅክ ትልሚና ከምዘተሓበረ ሓደ ፀገም ከባቢና መንእሰይ ኢሮበ ምስ ናይ ስራሕ ስእነትን ናይ ቦታ ፅበትን ዝተዛመደ ኣብ ክልልና ቑንዲ ተጠቃዓይ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ስራሕ ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ተምሃሮን ቤት ፅሕፈትን ብምትሕብባር ዝፍፀም ይኸውን።

ምስሚዲያ ኣካላትን ኣባላት ማሕበርን ኮሉ ግዚ ከም ስብከት ታሒዞምዋ ዝርከብ ስራሕ እዩ!

## 6.ኣብ ትምህርቲ ኩለመያዊ ድጋፍ ምግባር (ተምሃሮን መማህራንን ምሽላም)

ብሰንኪ ኮረና ለብዘመን ዝሳለጥ ከቡድ ይመስል !

## 7.ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረስብ ማእከል ቦታ ክህሉ ምግባር

ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእኸል ቦታ ክርከብ ምስ ምምሕዳር እቲ ከተማን መዘጋጃቤት ምክክር ምግባር። ንቀሙሊነት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእከል ምስራሕ ከምሓደ ዕላማ ማሕበርና ገይርካ ምውሳድ ኣደላይ እዩ። በዚ መሰረት ኣበዚ ኣብ ዓዲግራት ንምጅማር መደብ ተታሕዙ ይርከብ።

ኣብ ከይዲ ትልሚ ንቅድሚት ክከድ ኣይካአለን!

## 8.ናይ ኢሮብ ማሕበረስብ ሙዘዝየም ምድጋፍ

ኣብ ኢሮብ ተሰርሑ ዘሎ ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ሙዝየም ብናዉቲ (ባህላዊ ኑዋትን ኣቅሑትን ቻሑፋትን ክማላእ ምግባር ኣድላይ ይከውን። እዚ ምስ ናይ ወረዳ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ዝፍፀም ይከዉን።

ኣብ ከይዲ ፅንዓት ይርከብ!

## 9.ጨንፍር ተምሃሮ ዝገብርዋ እንቅስቃሴታት ምድጋፍ ማ.ል.ኢ

ብኣታሓባባርነት ጨንፈር ተምሃሮ ናይ ብሄር ብህረሰባት በዓል ኣብ ዩንቨርስታት ከበዓላ፡ መፃሕፍቲ ተኣከቡ ንቤት ትምህርታት ከበፅሕን፡ ኣብዘይ ሕጋዊ ስደትን ተፈጥሮ ምሕዋይ ስራሕ ምስራሕ።

- መፃሕፍቲ ንቤት ትምህረታት ምእካብ (እንዳልገዳ፡ ዳወሃን፡ መርዓትለ፡ ዓሊተናን እኻዳሞሳን) ቤት ትምህርታት
- ኣብ ኩሎም ዩንቨርሲታት ዝርከቡ ተምሃሮ ኢሮብ መትሕብባርን ኣብ ከረምቲ ግዘ ናይ ነሙ ሓገዝ መገባር።

- ዝተፈላለየ ኣስተምህሮታት ንመናእሰያት ምሃብ፡፡

ብሰንኪ ኮረና ለብዘመን ዝሳለጥ ከቡድ ይመስል !

## 10.ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ

ሓምለዋይ ከባቢ ኣብ ኢሮብ ንምፍጣር ዝተፈላለየ ጥቅሚ ክህቡ ዝክእሊ ኣገራብ ብዉድድር መልክዕ ኣብ ኩሉ ኢሮብ ከባቢታት ክትከሉ ምግባርን ብደንቢ ምዕደቆምን ምዕባዮምን ምስተፈልጠ ናይ ገንዘብ ሐገዛት መበራታቲዒ ኽልማት መህብ ፡፡ኣብ ኢሮብ ሐምለዋይ ገፅታ ንምምላስ ሱመ ፓርክ ዝምስርተሉ ባይታ ምሕንፃፅን ምስ ዝምልከቶም እካለት ብስራሕ"" እቲ ሐሳብ ኣብ ሕብረተሰብ ድሊየት እተመስረተ ንክኮን ምስ ዝምልከቶም ናይ መንግስቲ ኣካላት ምዝርራብን ብዛዕባ ክልመዐሉ ዝክእል ኣገባባት ኣነፂርካ ምቅማጥን ኣብ 2012 ዓ/ም ክስረሐሉ መደብ ተታሒዙ ኣሎ፡፡

ኣብ 2012 ልዕሊ 2000 ተክሊ ተኪሉ ዘዕደቀን ምዕዳቆም ብባዓል ሞያ ምስተራጋገፀ 1ይ ዝወፀ ኣብ ቀዳማይ ዙር 50000.00 ኣብ ካልኣይ ዙር ገምጋም ምስሐለፍ 50000.00 ጠቅላላ 100000.00(ሚኢቲ ሽሕ ተሸላሚ ይከዉን) 2ይ ዝወፀ ቀዳማይ ዙር 25000.00 ኣብ ካልኣይ ዙር ገምጋም ምስሐለፍ 25000.00 ጠቅላላ 500000.00(ሓምሳ ሽሕ ተሸላሚ ይከዉን) 3ይ ዝወፀ ቀዳማይ ዙር 15000.00 ኣብ ካልኣይ ዙር ገምጋም ምስሐለፍ 15000.00 ጠቅላላ 300000.00(ሳላሳ ሽሕ ተሸላሚ ይከዉን)፡፡

ኣገባብ ኣፍፀፅሙኡ ኣብ ናይሓባር ቦታ ተወዲብካ ክኮን ይክእል ኣብ ናይ ዉልቀ መሪየትካ ኮይኑ እቲ ዝፀደቀ ተክሊ ምስዓበየ ዋንነቱ ንቶም ግሩብ ወይካዓ ትካል ወይ ወልቀሰብ ይከዉን ብውሕዱ ኣብ ጥቅሚ ክዉዕል ከሎ ንክትክኡ ዉዕሊ ካእትዉ ፍቃደኛታት ምካን፡፡ ትካላት ክሳተፉ ይበረታታዕ፡፡እዚ ስራሕ ቀፃሊ ሙካኑ ክፍለጥ ኣለዋ፡፡

ብዙሕ ዝርርብን ኪዳን ተገይሩሉ ብሰንኪ ኮረና ለብዘመን ዝሳለጥ ከቡድ ይመስል !

## 11.ሐረግ መሰረት ዝገበረ ዝምድናታት ምስጎረባቢቲ ወረዳታት ምጥንካር

ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ንምዕቃብ ከሙኡ እዉን ንምምዕባል ትወለድቲ ህዝቢ ኢሮብ ንክፋለጡን ዓበይቲ ዓዲ በቲ ዝፀንሐ ስናይ ጉርብትናን ምሕዝነትን ሐቢርካ ከባቢካ ንምልማዕ ዝግበር ሐበራዊ ዘተ ኣብ ልምዓትን ሐድነትን ዘይትካእ ግደ ኣለዋ ፤ በዚ መሰረተት ምስ ጎራባብቲ ወረዳታት ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ዝርከቡ ኢሮበታይ ዝፍለጠሉ ናይ ልምዓት ዋዕላ ንምክያድ ኣብዚ መድረክ ከዓ ወኪላት ተወለድቲ ሐረግ ስጋን ፈላጣትን ካብከባቢኦም ብምትሕብባር ሐድነትን ስምረት ልምዓት ኢሮቦቶትን ፈቶዉቶምን ዝጉልብተሉን ዝድንፍዓሉን ሜላታት ብምትእክካብ ሐበራዊ ቁዋማት ብምዉፃእ ንዝበለፀ ስራሕ ምዝግጃዉ፡፡ታሪክ ፃሐፍቲ ክጥቀሙሉን ክስነድን መድረካት ምድላዉን ታሪክን ትዊፍትን ክስነደድ ምግባር፡፡

**ፍፃመ እቲ ኬዲ እዚ ይመስል**

-ዕለት 23/05/2012.ዓ.ም ኣብ ከተማ ዓድግራት ብማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ኣተሓባባርነት ናይ ሓዞን ኢ.ሮብን ኣኼባ ተኻይዱ

እቲ ኣኼባ ኣብ መንጎ ኢ.ሮብን ሓዞን ዝነበረን ዝፀንሓን ባህልን ልምድነ ከመኡን ሓቢርካ ናይ ከባቢ ሰላምን ድሕንነትን ብምሕላው ሓባራዊ ኩለመዳያዊ ናይ ልምዓት ሥራሓውቲ ብምክያድ ምስ ዝምልከቶ መዳርግቲ ኣካላትን መንግሥትነ ኮይንካ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሳብ መነባብሮ ንምቅያር ዝከኣሉ መንገዲ ብምዝታይ ኣቅጣጫ ልምዓታዊ ነይሩ.ብኸመይ ከምዝካየድ ን ካብ ሕብረተሰብ እንታይ ከዝድል ነጥብታት ምቅማጥ ኢ ዩ ነይሩ. በዚ መሰረት ካብ ክልቲኡ ወገን ብዘሕ ዝበለ ሓነፅ ሓሳባት ድሕሪ ምቅራብ ፤-

1. ቅድሚ ኩሉ ናይ ከባቢካ ሰላም ምሕላውንኩሉ እንሰርሖ ሥራሓውቲ ኣማራፅ ከምዘይብሉ
2. ኣብ ከባቢ ዘሎ ሕብረተሰብ ብቀሊሉ ክርበሐሉ ዝኸሉ ሃፍተገነት ምፍላጥን ምስ ዝምልከቶ ኣካል ኮይንካ ነሕብረተሳብ ጥቅሚ ብብደረጃኡ ክውዕል ምግባር
3. ኣብ ዝግበር ናይ ከባቢ ልምዓት ሥራሓውቲ ምንቅስቃስ ሕብረተሳብ ተጻባያይ ዘይኮነስ ብማተርታል ብገንዘብ ይኩን ብሞራል እጃሙ ከወፍን ዋና ተዋሳኣይ ክኸወነነ ከምዘለዎ.
4. ኣብ ከባቢ ሕብረተሰብ ዝለዓሉ ጎንጽታት ብምዕላይ ሕብረተሰብ ንልምዓት ሥራሓውቲ ኣብ ምንቅስቃስ ክጽመድ ካምዘለዎ ኾይኑ ዘገጥሙ ፀገማት እንተሃሊዮም ብብጊዜኡ እናተራኸብካ ፍታሓት ንምቅማጥ ከምዝካል ብምስምዕማዕ እቲ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።









ናይ ኢሮብን ሓዞን ዋዕላ ምሕዝነት መድረክ

## 12.ምንእሰያት ኣብ እስፓርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቓሳታት ምድጋፍ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምንእሰያት ኣብ እስፓርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቓሳታት ምድጋፍ። ዉድድራት ክህልዉ ከለዉ ምብርትታዕ ዝድግፉ ዉልቀ ሃፍቲ ኣፍልጦ ምሃብን ቡሉፃት ተፃወቲ ምሽላም ከምኡዉን ብመሰረት እቱት ዕጥቅን ናዉቲን ምሙላእ።

**ዝቀረበ ሕቶ ኦሎ ብ ኮረና ምክንያት ኣይተፈፀመን!**

## 13.ናይ ማ.ል.ኢ ማሓ ዘርእስታ ዓመታዊ መፂሄት ተዛጋጅያ ንንባብን ማህደርን ምስናድ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ 2009 ን ፈላሚ ግዜ ዝተሃተመት መፂሃት በቢዓመቱ ዝተሰርሑ ስራሕቲን ኣንፈታት ልምዓትን ን ኣባላትን ድገፍትን መዳርግቲ ኣካላት ሐቤሪታ ንክትህብ በቢ ዓመቱ ክትስነድን ኣብኩሉ ክትባፃሕ ትልሚ ተታሒዙ ኣሎ።በዚ መሰረት ናይ ሑሉፍ ዓመታት ፍፃመን ዝርዝርን ሒዛ 2012 ዓ/ም ስራሕቲን ካሎኦት ቁምነገራትን ሒዛ ክትሕተም እያ። ምስዚ ዝተትሓዘ ናይ 5ይ ጉባኤ ሪፓርትን ካለኦት ናይ ማሕበርና ኩነታት ወስካ ክትዳሎ እያ።

**ኣብ መወዳእታ ዓመት ክትህተመ ፃዕሪ ክግበር እዩ!**

## 14.ባሕሊ ዝምልከትን ካሎኦትን

ኣብ ኣዲግራት ባህሊ ኢሮብ ንምፍላጥ ኣብ መስቀል ባህሊ ሞሉእ ትርኢት እናገበሩ ኣብዒሎምዋ





## 15.ኮሮና ቫይረስ ንምክልካል

ካብ ወረዳ ጥዕና ቢሮን ወሬዳ ምምሕዳር ኢሮብን ብዝተገበረ ፃዊዒት መሰረት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዋናዊ ገብረመልሲ ንምሃብ ብ ቶሌኮንፈረስ ብዝገበሮ ኣኬባ 200000.00(ክልተ ሚኢቲ ሽሕ) ቅርሺ ብ ወረዳ ናብ ዝተዳለወ ኣካዉን ተመሓላሊፍ ንቲ ኮረና ቫይረስ ምክልካል ስራሕቲ ይዉዕል ኣሎ።

## 16.ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፍይናስ ዝርዝር ዝምልከት

ኣታዊ ዝምልከት

**መጋቢት** (30-07-2012) ዓ /ምኣብ ባንክታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ሒሳብ ዘሎ ብር 1,897,968.13 ይርከብ ።

| ተ.ቁ | ቦታ/ጨን ፈር | ሒሳብ ቁ.ን ባንክን | መጠን ገንዘብ | መብሪሂ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ዓድግራት | 0250274230101(ወጋገን ባንክ ዋና ሒሳብ) | 1,671,479.06 | |
| 2 | ዓድግራት | 0081317630101 (ወጋገን ባንክ ፕሮጀክት ሒሳብ) | 114,694.09 | |
| 3 | ዓድግራት | 502390154001(ዳሽን ባንክ ) | 7,397.09 | ቀደም ዳዉሃን |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| | | | | ጨንፈር ዝከፈትዎ |
| 4 | ዳዉሃን | 1000196761897(ንግዲ ባንክ) | 62,559.36 | |
| 5 | መቀለ | 13549(ወጋገን ባንክ) | 32,2607.41 | |
| 6 | ዉቅሮ | 0734480430101(ወጋገን ባንክ) | 9,578.12 | |
| | | ጠቅላላ ሒሳብ | 1,897,968.13 | |

ካብ ናይ ደገ ጨንፈር ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ኣታዊታት

ካብ ታሕሳስ 1/ 2011ዓ/ም ክሳብ መጋቢት 30 2012ዓ/ምካብ ጨንፈራት ማሕበር ኣታዊ ዝተገበሩ ከም ዝስዕቡ ቀሪቦም ኣለዉ።

| ቦታ | መጠን ገንዘብ | ማዓልቲ/ካርነ ቀ. |
|---|---|---|
| ነበርቲ ኣመሪካ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ኣባላት | 927,969.00 | 26-11-2011(2209) |
| ናይ ነበርቲ ሪያድ ኣባላት | 217,870.00 | 12-02-2012(2217) |
| ነበርቲ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ኢስራኤል | 219090.00 | 12-02-2012(2218) |
| ኣዉሮፓ( Ato Beyene Gebray ብ ዉልቀ) | 10000.00 | 24-03-2012(2229) |
| ጠቅላላ ብር | 1,374,929.00 | ካብ ታሕሳስ 1/ 2011ዓ/ም ክሳብ መጋቢት 30 2012ዓ/ም |

ናይ ዓዲ ዉሽጢ ዝርዝር ኣታዊታትን ወፈያታትን ብ ሒሳብ ኪኢላ ምስተሰርሐ ኣብ ዝቅፅል ሪፓትት ብዝርዝር ክቀርብ እዩ።

**ወፃኢታት ዝምልከት**

ዓበይቲ ወፃኢ.ታት ካብ ካብ ታሕሳስ 1/ 2011ዓ/ም ክሳብ መጋቢት 30 2012ዓ/ም 350,976.00ብር። እዚ ግዚያዊ ፀብፃብ ኮይኑ ብ ሒሳብ ኪኢላ ምስተሰርሐ ኣብ ዝቅፅል ሪፓትት ብዝርዝር ክቀርብ እዩ።